## (ሳልሳይ ክፋል)



**ብመጋዝ ዝተጨደ ዝመስል ዘይተላገበ ሓጺን ዘመልክት ስእሊ**

***ቀዳማይ ናይ ምህዳም ፈተነ***

ኣብ ፎርቶ እታ ዝነበርኩዋ ሸላ ብድሕሪት ብዝተማሓላለፈ ቀጢን ሓጺን ዝተሰርሔት ብደገ ካብ ታሕቲ ንላዕሊ ዝኺፈት ናይ ሉሕ ማዕጾ ዘሎዋ ሞስኮት ነሩዋ ። ኣብ ሞንጎ እተን ሓጻዊን ዘሎ ኣዕንቲ ግፍሓቱ ኣስታት 25 ብ 15 ሰንትመተር ይኾውን ። እቲ ብደገ ዘሎ ማዕጾ ናይቲ ሞስኮት ኣጸብቆም ስሌ ዘይከፍቱዎ ኣማዕድኻ ክትጥሚት ዕድል ኣይህበካን ፡ ምስቲ መንደቅ ተላግቡ ዘሎ ቀረባ ወሰናስን ጥራሕ እዩ ዝረኣየካ ። ስሌዚ ካብኡ ንቅድሚት እንታይ ኣሎ ብርግጽ ንምፍላጥ ዘይይካኣል እኳ እንተኾነ ገዛውቲ ይኹን ሰብ ዘይብሉ ባዶ ቦታ ይመስል ። ኣብ ማእከል ክልተ ዓይኒ ናይቲ ሞስኮት ዘላ ሓንቲ ሓጺን ኣብ መጨረሽታ ብመጋዝ ሓጺን ዝተጨደ ዝመስል ዘይተላገበ ሓደ ጎኒ ነሩዋ ። ርእሰኻ ዘእቱ ክፋት ቦታ ሰውነትካ የውጽእ ዝብል ሓፈሻዊ እምነት ስሌ ዝነበረኒ ርእሰይ ኣእቲየ ይፈታትን ነረ ። ብተወሳኺ እንተዳኣ ነታ ሞንጎ ዘላ ሓጺን ክዓጽፋ ክኢለ ፡ ክልተ ዓይኒ ብምጽንባረን ስሌ ዝገፊሕ ከውጻኣኒ ይኽእል ዝብል ተስፋ ነሩኒ። ድሕሪ ገለ ማዓልቲታት እቶም ኣብኡ ዝነበርና ኡሱራት ካብ ፎርቶ ናብ ቤት ማእሰርቲ ማርካቶ ስሌ ዝወሰዱና ድማ እቲ ቀዳማይ ፈተነ ናይ ምህዳም ኣብዚ ተቋርጹ ።

**ኣብ ቤት ማእሰርቲ ማርካቶ**



ኣብ ማርካቶ ካብሊን ኣነን ካልኦት ኣርባዕተ ሰባት ወሲኾም ኣብ ሓንቲ ዓባይ ካመራ ኣእቲዮሙና ። እዛ ዓባይ ካመራ (ገዛ) ከምቲ ዝፈለጥኩዎ ቤት ማእሰርቲ ሰምበል ከይተሰርሔ ከሎ ቤት ትምህርቲ ናይ ኡሱራት ዝነበረት እያ ። ስፍሓታ ካብ ዓሰርተ ኣርባዕተ ሜትሮ ብሽድሽተ መትሮ ዘይውሕድ እዩ ። ኣብ የማናይ ጎና ንምብራቅ ዝጥምት ሓደ ዓብይ ማዕጾ ናይ ሓጺን ኣለዋ ። እቶም ምሳና ዝነበሩ ኣርባዕተ ሰባት ፡ ሓደ ፍሳሃየ ዝባሃል ፖሊስ ዝነበረ ባዓል ምራራ ምስ ጀብሃ ትታሓባበር ኣሎኻ ተባሂሉ ተጠርጥሩ ዝተኣሰረ ፡ ካልኣይ ክዳኔ ዝባሃል ሽማግሌ ዓዲ ናይ ጀብሃ ዝነበረ ወዲ ሽዕብ ሰለባ ፡ ሳልሳይ ዑመር ዝባሃል ጀብሃ ኢኻ ተባሂሉ ዝተጠርጠረ ወዲ ዓዳርደ ፡ ራብዓይ ድማ ብተስፋይ ዝፍለጥ ብንእሽትኡ ኣብ ሑመራ ዝዓበየ ኣብ ጀብሃ ወጺኡ ምስ ስዉእ ዓብደላ ጸጋይ ኣብ ከባቢ ዶብ እትዮጵያ ነሩ ምስ ብረቱ ሃዲሙ ፡ ከምቲ ንሱ ዝብሎ ንጸላኢ ኢዱ ክህብ ሑመራ ዝኣተወ ። ንሱ ኢደይ ክህብ ንኑቅጣ ( መደበር ፖሊስ) ገጻይ ይኸይድ ነረ ክብል ከሎ ወታሃደራት እትዮጵያ ድማ ሕዝናካ ኢና ስሌ ዝበሉዎ ዝተኣሰረ እዩ ። ኣነ ወዲ ጎንደር እየ ሽመይ ድማ ተስፋይ እዩ ይብል ነሩ ። ወዲ ጎንደር እየ ስሌ ዝበሎም ድማ ሻምበል ቦሎው ባዕሉ ወዲ ጎንደር ስሌ ዝኾነ ይመስለኒ ሽምና ኣባላሽኻና ኢሉ “ የት ኣባትህ ጉንድር በል “ እሉ ይጸርፎ ነሩ ። ናዓና ኤርትራዊ ወዲ ባርካ ምኳኑ ይሓብኣልና እኳ እንተዘይነበረ እንታይነቱ ብሙሉኡ ይገልጸልና ኣይነበረን ። ዳሓር ከምዝፈለጥናዮ ግን ብንሽትኡ ብገለ ዓመጽቲ ተወሲዱ ኣብ ከባቢ ሑመራ ዝዓበየ እዩ ።

ኣብ ቤት ማእሰርቲ ሓደ ማዓልቲ ዳርጋ ወርሒ ኮይኑ ይስማዓካ ፡ ነፍስኻ እንተ ዘይኣዳዓዕስካ ትጭነቅ ፡ ዓቅሊኻ ይጸበካ ፡ ለይቲን ማዓልትን ንኡሱር ዳርጋ ሓደ እዩ ። ኩሉ ግዜ ብየማነ ጸጋም ብዝተወሰነ መንደቅ ወይ ነገር ተኸብብካ ስሌ እትነብር ካብዚ ሓጹር ሙውጻእ እቲ ዝዓበየ ትምኒት እዩ ። ብፍላይ ከምዚ ናትና ካብኡ ዝኸፈኤ ከም ዘሎ ፍሉጥ እኳ እንተኾነ ፡ መንጸፍካ ቶንኮቦት፡ ዘሙቀካ ክዳን ዘይብልካ ፡ ለይቲን ማዓልቲን ብግዜ ብልዒ ይኹን ድቃስ ኣእዳውካ ብቀይዲ ሓጺን ክእሰር ከሎ ቀጻሊ ስቅያት እዩ።

ኣብ ከምዚ ዝኣምሰለ ናይ ጭንቀት ኩነታት ካብቲ ዘሎኻዮ ኩነታት ናብ ካልእ ከም እተድህብ ዝገብረካ ዕላል ፡ ትሰምዖ ዛንታታት እንታይነቱ ብዘይየግድስ ብዙሕ እዩ ዝስሕበካ ፡ ክትሰምዖ ትህንጦ ። ሕልሚ ምርኣይ ድማ ዝመስሎ የሎን። ምኽንያቱ ምስቲ ብነጻ ትሪኦ ወይ ትኸዶ ዝነበርካ ባህሪያዊ ፍጥረታትን ካልእ ነገራት ስሌ ዘራኽበካ ፡ ዋላ እኳ ደቂስካ ጸኒሕካ ብር ምስ በልካ ዝበንን ነገር እንተኾነ ፡ ንግዜኡ ንሓንሳልካ የሕድሶ እዩ ። ይኹን እምበር ከምቲ ከይደቀስካ እተሓልሞ ሕልሚ ኣይኮነን ። ማለት ምስ ደቀስካ ዝመጸካ ሕልሚ ከምድላይካ ስሌ ዘይኮነ ፡ ሕማቅ ፡ ኣጨናቂ ዝኾነ ፡ ድቃስ ዘጽለኣካ ሕልሚታት እውን ኣሎ ። ስሌዚ ጽቡቅ ሕልሚታት ክታሓሊም ኢኻ ትምኔ ። ዋላ እውን ድምጺ ናይታ ዘይትራኣየካ ነፋሪት ክትሰምዕ ከሎኻ ፡ ድምጺ ሬድዮ ፡ ናይ እንስሳ ድምጺ ናይቲ ካብቲ ቤት ማእሰርቲ ወጻኢ እትሰምዖ ኩሉ ካብቲ ዘሎኻዮ ዝተሎከተ ሓጹር ስሌ ዘውጻኣካ ፍሉይ ስሚዒት ይበካ ።

ተስፋይ ድማ ብዙሕ ነገራት የዕለለና ስሌ ዝነበረ ብዙሕ የፍኩሰልና ነሩ ። ካብሊ እውን ብፍላይ ናዓይ፡ ኣነ ብዙሕ ይሓቶ ስሌ ዝነበርኩ ብዙሕ መሳጢ ዝኾነ ናይ ተጋደልቲ ዛንታታትን ካልእ ዝተፈላለየ ባህላዊ ግጥሚታትን የዘንትወለይ ነሩ ። ገለ ካብቲ ሽዑ ኣጽንዔዮ ዘይረሳዕኩዎ ግጥሚታት ብቋንቋ ትግረ ኣብ መደምደምታ ክጠቅሶ እየ ። ኣነ እውን ገለ ይድርቢ ነረ እየ።

ተስፋይ መብዛሕትኡ ዕላሉ ናይ ዓመጽን ስርቂን ዛንታታት ነሩ ። ገለ ካብቲ ዕላላቱ ኣብ ሱዳን ናይ መንግስቲ ኣግማል ክበልዓ ክለቁወን ከሎዉ ልክዕ ከምቲ ኣብ ኢድ ካብሊን ኢደይን ዝነበራ ዓብይ ፍሉይ ንኣግማል ዝተሰርሐ ቀይዲ ኣብ ክልተ ኣእዳወን ኣሲሮም ከምዝለቁወን ይነግረና ነሩ ። ሽም ናይዚ ፈሮ ወይ ቀይዲ ድማ ፈሮ እንጊለዘ እዩ ። ብቋንቋ ኢጣልኛ ናይ እንግሊዝ ፈሮ ወይ ቀይዲ ማለት እዩ ። እቶም ኣግማል ዝሰርቁ ሰባት ነቲ ቀይዲ ናይ ኣግማል ንምፍታሕ ተሪር ፈትሊ ኣዳሊዮም ፈሒሶም ዓይኒ ይገብሩሉ እሞ ኣብታ መፍትሕ ዝኣትዎ ኣብ ጎኒ ዘሎ ኖ፟ዃል ኣእቲዮም ነታ ዓይኒ ኣብ ልዕሊ እቲ ከም ሰጋጥ ዝሰሪሕ ኣብ ማእከል ናይቲ ኖኻል ዘሎ ሓጺን ፡ ጠምጥሞም ሸጥ ኣቢሎም ይስሕቡዎ እሞ ንድሕሪት ክሳሓብ ከሎ እተን ክልተ ዝተላገባ ክፋላት ናይቲ ፈሮ ይኽፈታ እሞ ነተን ኣግማል ይወስዱወን ይብለና ነሩ ። እዚ ነገር ናዓና ብዛዕባ እተን ኣብ ኣእዳውና ለይቲን ማዓልቲን ዘሎዋ ዘሳቀያና ፈሮታት ንምኽፋት ከም እንሓስብ ስሌ ዝገበረና ኣዚዩ ጠቃሚ ነሩ ። ካልእ ናይ ማእሰርቲን ኣብያተ ፍርዲን ተሞክሮ ስሌ ዘሎዎ ድማ ፡ ቅድሚ ቤት ፍርዲ ኣብ ኣስከባር ሕጊ ከቅረቡኻ ከሎዉ ነቲ ቃልካ ምስ ወሰዱ ዝኣመንካሉ ገበን ፡ ኣነ ምስ ተሳቀኹ ምስ ተሃረምኩ ብዘይድልየተይ ተገዲደ ዝበልኩዎ እዩ ኢልካ፡ ዘሎካ በሰላ፡ ቁስሊ ፡ ስምብራት ኣርኢኻ ፡ ኣይዋዓልኩዎን እልካ ምክሓዱ ይካኣል ይብለና ነሩ ። እዚ እውን ኣብ ሕጊ ዘሎዎ ሃገር ዓማጺ ስርዓት ነቲ ሕጊ ምጥሓስ ኣብ ኢዶም ዘሎ ነገር እኳ እንተኾነ ሓደሓደ ግዜ ሙሉእ ብሙሉእ ስሌ ዘይየፍርስዎ ንጹህ እንተኾይንካ ብገለ ጎኒታቱ ጠቃሚ ዝኾነሉ እዋን ኣሎ ። ኣነ ንምሳሌ ኩሉ መርመራታት ተወዲኡ ጠጠው ምስ በለ ፡ ሻምበል በለጠ ካብ ተማሃራይ ከሎኹ ጀሚሩ ነዊሕ ግዜ ዝወሰደ ቃል ወስዱለይ ክታመይ እውን ኣስፍረሉ ። ንሰምበል ይኹን ናብ ካልእ ከሕልፉኒ ወይ ኣብ ቤት ፍርዲ ከቅርቡኒ ምስ ሓሰቡ ይመስለኒ ፡ መጀመሪያ ኣብቲ ንጎዳይፍ ገጽካ ትኸደሉ መገዲ ደቡባዊ ወገን ናይ ግቢ ዝነበረ ፈደራል ቤት ፍርዲ ዝባሃል (ኣስከባር ሕጊ) ዝርከቦ ኣብያተ ጽሕፈታት ይመስለኒ ምስ ቃለይ ወሰዶሙኒ ። ኣብኡ ክወስዱኒ ምስ ደለዩ “ እንተዳኣ እዚ ቃለይ ኣይኮነን ዝብል ዘረባ ኣውጺእካ ከምብሓድሽ ኣብ መርመራ ክትምለስ ኢኻ “ ኢሎም ድማ ኣጠንቀቆሙኒ እዮም ። ኣነ ድማ ነቲ ምዕዶ ናይ ተስፋይ ዘኪረ ኣብ ቤት ፍርዲ እንተቀረብኩ ክጠቅመኒ እሉ ፡ እዚ ቃልካ ድዩ ምስ በለኒ ፡ ኣነ ቃልካ እንተቀይርካ ኣብ መርመራ ክንመልሰካ ኢና ስሌ ዝበሉኒ ኣይቃለይን ክብል ኣይክእልን እለዮ ። እንታይ ከም ዝጻሓፈ ኣይፈልጥን ዳኣምበር ይጽሕፍ ነሩ ። ካብኡ ንቤት ማእሰርቲ መሊሶሙኒ ክሳብ ንወጽእ ድማ ኣብቲ ማርካቶ ነርና ።

ከምቲ ዝበልኩዎ ንሕጊ ይገዝኡዎ ዳኣምበር ሕጊ ስሌ ዘይገዝኦም ከምድላዮም ክፈርዱኻ ይኽእሉ እዮም ። ኣብ ዓይኖም ንስኻ ሸፍታ ካሓዲ ዳኣምበር ፡ ናጽነት ፡ መሰል ዝሓቲት ሰብ ፡ ተጋዳላይ ኣይኮንካን ። እቲ ዘገርም ግን ዝገበሩዎ ሕጊ ስሌዘሎዎም ሕጊ ዝባሃል ዋላ ብሙሉኡ እንተዘይኣኽበሩዎ ከምዝፈርሁዎ ኣብ ሓንጎሎም ገለ ተጸዕኖ ከምዝገብረሎም ይራኣየካ ። በዚ ኣጋጣሚ ካብ ማእሰርቲ ድሕሪ ሙውጻኤይ ብ1983 ብጊዜ ኑመሪ ኣብ ሱዳን ከሰላ ብጾት ባዓል ስዉእ ዓብዳላ ዑመር ናስር ፡ እብራሂም ሙሓመድ ዓሊ ፡ ሙሓመድ ኑር ዓብዱ ካሕሳይ፡ መግስትኣብ ኣስመሮም፡ ራማዳን ሳልሕ ፡ ተኽሌ ማላኪን ፡ ወልደ የሱስ ዓማር፡ ብርሃነ ተወልደመድህን ፡ ኣማንኤል ሃብተን (መንግስቱ) ብጸጥታ ሱዳን ዝተታሕዙሉ እዋን ተመሳሳሊ ነገር ኣጋጥሙኒ ። ንሱ ድማ እቶም ጸጥታ ንጎሆ ጻሓይ ከይበረቀት ንስዉእ ዓብደላ ዑመር ናስር ክኣስሩ ኣብቲ ዝነበሮ ገዛ ኣብ ከሰላ ምስ መጹ ምስኦም ካብ ጎደና ክልተ ሰባት ኣምጽኦም ኣብቲ ውሽጢ ገዛ ኣእቲዮም ነቲ ገዛዊቲ ፈቲሾምዎ ። ገለ ናይ ጀብሃ  ሰነዳት ዝነበሮ ሻንጣታት ተማልኦም ንዓብደላ ጥራሕ ወስዶምዎ ድማ ከዱ ። ኣነ ሽዑ ኣብቲ ገዛ ምስኡ ነረ ። እቶም ክልተ ካብ ጎደና ዘምጽኡዎም ሰባት እቲ ሓደ መስተ ዘሎዎ ከባቢ ሓዲሩ ሰንከልከል እንዳበለ ንጎሆ ንጎሆ በቲ ጎደናታት ክሓልፍ ዝረኤ እዩ ።እቲ ካልኣዩ ድማ ኣብቲ ከባቢና ዝነበረ ሓንጎሉ ጥዑይ ዘይኮነ ሰብ እዩ ። ኣነ ነዞም ሰባት ንምንታይ ኮን ኣምጽኦምዎም ይብል ነረ ። ዳሓር ከምዝተሓበርኩ እንተኾይኑ ግን ኣብቲ ሕጊታቶም ገዛ ናይ ሓደ ሰብ ክፍተሽ ከሎ ገለ ሕጋዊ ዘይኮነ ነገራት ምስ ዝርከብ እቲ ባዓል ገዛ ኣብ ቤት ፍርዲ ምስ ቀረበ ፡ እዚ ነገር ኣብ ገዛይ ኣይተረኽበን ኢሉ ከይክሕድ ክትፍትሽ ከሎኻ እቲ ዝተረኽበ ነገራት ኣብ ገዛ ናይቲ ዝተፈተሸ ሰብ ዝተረኽበ ምኻኑ ዝምስክሩ ክህሉዉ ኣለዎም ስሌ ዝብል እዩ ኢሎሙኒ ። እሞ ብፍላይ ነቲ ሰኽራም ካልእ ጊዝያት ንጎሆ ንጎሆ ክሪኦ ከሎኹ ሳሓቅ ይመጸኒ ነሩ ። ምኽንያቱ እዞም ሰባት ሕጊ ንይምሰል ከማልኡ ዳኣምበር ናይ ብሓቂ  ናይ ሕጊ ኣኽብሮት ከምዘይብሎም ይራኣየካ ። ይኹን እምበር ዋላ ሓቐኛ እምነት ኣይይኹን  ፡ ሕጊ ዝባሃል  ክኽብር ዝግብኦ ነገር ከምዘሎ ኣብ ሓንጎሎም ዝተሰርጸ ሰባት እዮም ይመስለኒ ። ስሌዚ ዋላ ሙሉእ ኣይዩኹን ምስዚኣቶም እንተዋሓደ ሞትካን ህላወኻን ዝፍለጠሉ እዋን ስሌዘሎ ፡ ከምርእይቶይ  ካብቶም ዋላ ንይምሰል ሕጊ ይኹን ኣስከባር ሕጊ ወይ ቤት ፍርዲ ዘይፈልጡ ከም ኣራዊት ዊን ዝበሎም ዝገብሩ ሽሕ ግዜ ይሕሹ ክባሃል ይካኣል።

ማርካቶ ኣብታ ዝኣቶናያ ገዛ ከሎና ገለ ናይ መንግስቲ ኣካላት ፡ ፖሊስ ፡ ባሕረኛ ዘሎዉዎ ፡ ካብ ጀብሃ ዝተታሕዘ ኣሎ ምስ ተባህለ ናዓይ ክሪኡ ዝመጹ ነሮም ። ማዕጾ ተኸፊቱሎም ኣብታ ገዛ እቱው ምስ በሉ ፡ ንኣብነት ሓደ ባሕረኛ ሞኮነን ኣብኡ ዝነበርና ምስ ራኣየ ፡ ኣነ ብዕድመ ይኹን ብጉልበት ዝናኣሰ  ስሌ ዝነበርኩ የሄ ነው የሄ ነው ? እንዳበለ ናብቶም ገዘፍቲ የመልከት ነሩ እሞ ፡ ኣይኮነን እዚ እዩ ኢሎም ናባይ ከመልከቱ ከሎዉ “ኤረ ኤረ ትንሽ ልጅ ነው እባክህ” ይብል እሞ ናዓ ኢሎም ጸዊዖሙኒ ምስ ቀረብኩዎ ንእሽቶ ምኻነይ ምስ ራኣየ ፡ ተማሃራይዶ ነርካ ስለምንታይ ናብዞም ወንበደ ከይድካ ? ኢሉ ይሓተኒ ፡ ኣነ ድማ እቲ ናይ ምህዳም ዕድል ይርከብዶ ኮን ይኾውን ዝብል ተስፋ ኣብ ሓንጎለይ ስሌ ዘሎ ፡ እወ ተማሃራይ ነረ ብጾተይ ምስ ተኣሰሩ ፈሪሄ ወጺኤ ይብሎ ። ሓደ ዉሩይ ኤርትራዊ ናይ ፖሊስ ሞኮነን ድማ ኣርእዩኒ ኢሉ መጺኡ ምስ ራኣየኒ ካብቶም ነፍሶም ዝጥርጥሩ  ይመስለኒ  ዝቀተልኩዎ ኮይኑ ግዲ ተሰምዑዎ  “ እዚስ እንተ መጸኒስ እንታይ ኢለ ክጥርጥሮ ? “  ኢሉ  ።

**ይቅጽል**